# ሓበሬታ ብዛዕባ ኣኩፓንክቸር እዝንን መግለጺ ስምምዕን

**ኣብዚ ትካል'ዚ ብፕሮቶኮል* NADA ናይ እዝኒ ኣኩፓንክቸር ኢና ንሰርሕ**

እዚ ሕክምና ኣብ መንጎ ካልእ ኣብ ቅልውላው ዘለው ወይ/ውን ኣብ ኣሸጋሪ ግዜ ዘለው ሰባት እዩ ዝግበር። ኣኩፓንክቸር እዝኒ ኣብ ኩሉ ሰብ ክግበር ይከኣል እዩ። ኣብ እዚ ሕክምና ዘይግበረሉ ኩነታት ኣይተፈልጡን።

ኣኩፓንክቸር የህድኣካ (ንኣ. ኣብ ውጥረትን ውሽጣዊ ህውከትን)፣ ንቑሕ ንክትከውንን ኣተኩሮ ንክህልወካን ይድግፈካ እዩ (ንኣ. ኣብ ጽንቃቖን ቀጻሊ ድኻምን) ከምኡ'ውን ንድቃስ የመሓይሾ እዩ (ንኣ. ኣብ ረብሻ ድቃስ)።

ናይ NADA ኣኩፓንክቸር ውጥረትን ፍርሕን ጭንቀትን ብዝሓሸ ንክትክእልሲ ክሕይለካ እዩ።

እቲ ሕክምና መብዛሕትኡ ኣብ ጉጅለ እዩ ዝፍጸም። ኮፍ እናበልካ ብንእሽቶይ ጨርቂ ጡጥ ንኩሮ እዝንኻ ተጽሪ። **ኣብ ክልተኦም ኣእዛን 3-5 ረቐቕቲ መራፍእ** ክውጋኡ እዮም፣ ዳርጋ ብ2 ሚሊሜተር ዝኾነ ዕምቀት። እቲ ምውጋእ ንሕጽር ዝበለ ግዜ ቅሩብ ከቐንዝወካ ይኽእል። ኣብቲ ምውጋእ ከተተንፍስ (ኣየር ከተውጽእ) ሓጋዚ እዩ። እቲ ሕክምና ዝገብር ሰብ ሽዑ ክነግረካ እዩ።
እቶም መራፍእ - እንተ ዝከኣል ኮይኑ - 30-45 ደቓይቕ ኣብ እዝኒ ክተርፉ እዮም፡- ኣብ ውሽጢ እዚ እዋን ብኽብረትካ ኣይትብላዕ፣ ኣይትስተ፣ ኣይተንብብ ከምኡ'ውን ኣይትዛወር። ሓደሓደ ግዜ ውን መራፍእ ባዕሎም እዮም ዝወድቑ። ብእኡ ክትፈርሕሲ ኣይግብኣካን።
ኣብ መወዳእታ ግዜ ሕክምና ነቶም መራፍእ ተውጽኦም ኢኻ ሽዑ ኣብቲ ዝተቐረበ መትሓዚ ትጉሕፎም ኢኻ። ድሓር ብጨርቂ ሰልሎዝ ኣብቲ ዝተወግኣሉ ቦታ ኢኻ ትደርዝ። ምናልባት ቆቅሩብ ደም ክወጽእ ይኽእል እዩ። እዚ ውን ንቡር እዩ።

**እቶም ኣብ እዝኒ ዘለው ነጥብታት ኣብ ክንዲ እቶም መራፍእ ዋላ ብወርቂ ዝተሸፈኑ ንኣሽቱ ክቢታት ማግነት** ክሕከሙ ይኽእሉ እዮም። እዚኦም "ሉላት" ብንኣሽቱ ፕላስተራት ኣብ ቆርበት ክጥበቑ እዮም ሽዑ ዳርጋ ሓደ ሰሙን ኣብኡ ጠቢቖም ክተርፉ ይኽእሉ። ብድሕሪኡ ክሕደሱ ኣለዎም።

ኣኩፓንክቸር NADA ቀሊል እዩ ከምኡ'ውን ጥራይ ሳሕቲ ሽግር እዩ ዝፍጥር። እዚ ንኣ. - ጥራይ ሳሕቲ - ነድሪ ኣብቲ ቦታ ኣኩፓንክቸር ክገብር ይኽእል። እዚ ሽዑ ካብ ሓደ ሓኪም ክሕከም ኣለዎ። ሳሕቲ ድማ ጸገም ዋሕዚ ደም ወይ ቃንዛ ርእሲ እዩ ዝገብረልካ። እዚ ኣባኹም እንድሕር ዝፍጽም ኮይኑ፣ እቶም መራፍእ ክውጻኡ እዮም። ዋላ ክሳብ ስምዒታውያን መልስታት ክበጽሕ ይኽእል፣ እዚ ግን መብዛሕትኡ ከም ህዱእ እዩ ዝስማዕ።

**ኣነ ነዚ ሓበሬታ ተረዲኡኒ ኣሎ ከምኡ'ውን ምስቲ ኣኩፓንክቸር እዝኒ ተሰማሚዐ ኣለኹ።**

| -------------------- | ---------------------------------------------------- | ------------------------------------- |
|---|---|---|
| **ዕለት** | **ሽም** | **ክታም** |

*** NADA ኣሕጽሮት „National Acupuncture Detoxification Association (ሃገራዊ ኣኩፓንክቸር ማሕበር ምልጋስ መርዚ)“ እዩ**